# ጒጅም ፖለቲካን
# ናይ ቃልሲ ታሪኽን ምስ
# ተኸስተ ሃብቱ ኣብ ኣውስትራልያ

ብ
ወልደሱስ ዓማር

*ናይ ሰነ 2005 ዑደት መሪሕነታዊ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንኣውስትራልያ ብብዙሕ መኣዝናቱ ዕዉት ነይሩ ምባል ኣኻሊ መግለጺኡ ኣይኮነን፤ ቃላት ብምስኣን ክሕለፍ እንተዘይኮይኑ። ኣብ ርእስቲ እተዓመ ፓለቲካዊ መደባት፤ ሕውየት ንተቓሲሉ ዝጸንሐ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ስኒት እውን ተደሚሩዎ ኢዩ። ንሱ ጥራይ ግን ኣይኮነን፤ ልዕሊ ዋጋ በቕሊ ዝኾነ ናይ ታሪኽን ሓበረታን ሸውሃት ዘረሳስን ርክባትን ጒጅማትን እውን ነይሩዎ። እቲ ርክባት ከኣ ምስ ደቂ ጐደቦን፣ ናይ ንእስነት መማህርትን፣ ምስ ናይ ሓደ ውድብ መቓልስቲ-ነበርን ጥራይ ዘይኮነ ምስ ደቂ ሃገር ብሓባር ነይሩ።*

*ሓደ ካብቶም ኣብ ከተማ መልቦርን ናይ ኣውስትራልያ እተፋለጥኩዎም ሓደስቲ ኣዕሩኽ ደቂ ሃገር፣ ተኸስተ ሃብቱ ዓንደመስቀል ይባሃል። ተኸስተ ብ1974 ጀሚሩ ምስ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት*



ተኸስተ ሃብቱ

*ኤርትራ ኣብ እተፈላለየ ጽፍሕታት ኮይኑ እተቓለሰ፣ ክሳዕ 2001 ኣብ መንግስቲ ህግደፍ (ኣብ ኣስመራ) ናይ ቀረባ ተሓጋጋዚ ናይ ማሕሙድ ሸሪፎ ነይሩ። ሎሚ ካብቶም ቀንዲ ተንቀሳቓሽቲ መዓስከር ተቓውሞ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያ ኢዩ። ክልተና ንውሕ ዝበለን ኣዝዩ ጠቓምን ናይ እንካን ሃባን ዕላል ኣካይድና። ገሊኡ ብመልክዕ ገራህ ናይ ልቢ-ንልቢ ዕላል ገሊኡ ከኣ ብልሙድ መልክዕ ቃለ-መሕተት ነይሩ።*

*ንኣብነት ኣብቲ ሓፈሻዊ ዕላል ንተኸስተ ሃብቱ ከምዚ ኢለ ተንቢሄሉ፦*

> *ኣብ ጊዜ ቃልሲውን እኮ መሪሕነት ህዝባዊ ግንበር (እዚ ናይ ሎሚ መንግስቲ) ከም ጀብሃ ብፕሮፓጋንዳዊ ጸለመ ከይተረፈ ዝገደፈልና ኣይነበሮን፤ ንኣብነት ኣብቲ ናይ 80ታት ናይ ድምጺ ሓፋሽ ፈነዎ ሬድዮ ንውድብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ "ምስ ደርጊ ኣብ ከሰላ ወዘተ ተራኺቡ፣ ገንዘብ ደርጊ ተቐቢሉ፤ ሰውራዊ ባይቶውን 5ይ መስርዕ ምዃኑ ኣይትረስዑ !!" ኢሉ ንገራህ ህዝብና ብናይ ፈጠራ ሓሶት መሪዙዩ። ኤረ ሽዑስ ወላ ኣስማት እናረቖሐ "ነዚ እከይ ግብሪ ዘካይዱ ብዓል ወልደሱስ ዓማር ... ወዘተ ይብሃሉ" እናበለ ስም ውድባትን ስም ውልቀሰባትን ጸሊም ቀለም ቀቢኡ ። ከምዚ ዓይነት መበገሲ እኳ ዘይነበሮ ጠቐነታት ካብቲ ኣዝዩ ዝገርመኒ፣ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራት መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ነይሩ።*

*ሓው ተኸስተ ሃብቱ ከኣ በቲ ሕብእብእ ዘየርኢ ህዱእ ኣደቡ ኣሰንዩ መልሲ ክጅምር እንከሎ ከምዚ ኢሉ፦*

> እቲ ጕዳይ ኣነውን ኣጸቢቐ እፈልጦ ኢየ፤ ሽዑ ዘመን መደበይ ኣብ ናይ ሓፋሽ ውድባት ኣብ ከባቢ ከሰላ ኢዩ ነይሩ። መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፡ "ንሰውራዊ ባይቶኽ መን ግደፍዎ ኢሉኩም !! ንዕኡውን ምስቲ ብ5ይ መስርዕነትን ክሕደትን እኳኸሶ ጕጅለታት ጸንብርዎ!!" ኢሉ ትእዛዝ ከም ዘመሓላለፈ ኣጸቢቐ እፈልጥ። ነይረ እንድየ።

ይብለኒ። በወገነይ ዳግም ኣስደሚሙኒ። ነዚ ንዲክታቶር ኤርትራ ናይ ቀደሙ ዝኾነ ፈጠራታት ድሒርና ከነዕልለሉ ወንዚፍና፡ ኣብቲ ጀሚርናዮ ዝነበርና ካልእ ዕ ላል ኣቲና።

ካብዚ ቀጺለ ካብቲ ብመልክዕ ቃለ-መሕተት ካብ ተኸስተ ሃብቱ ዝረኸብኩዎ ሓበረታ ንሎሚ ኣገዳሲዩ ዝብሎ ጸሚቘ ከቕርብ ኢየ። ማለት ኣብቲ ቃለ-መሕተት ካብ 1974 ጀሚርና ክሳዕ 2005 ዘሎ ናይ 31 ዓመት ጊዜ ኢና ገለገለ ዓበይቲ ጕዳያት ኣልዒልና ዝዳህሰስና። ኣብ ናይ ሕጂ ኣቀራርባ፡ ካብ 2005 ጀሚረ ንድሕሪት ክወስደኩምየ፤ ክሳዕ ተኸስተ ሃብቱ ኣብ ህዝባዊ ግንባር እተሰለፈሉ 1974 ዓ.ም. እንበጽሕ።

***

**ሕቶ፡-** ተኸስተ፡ ሎሚ እቲ ዝዓበየ ሕቶ ህዝብና፡ እዚ ኣብ ኣስመራ ዓሪዱ ዘሎ ሕጊ-ኣልቦ ስርዓት ከመይን መዓስን ይወድቕ ዝብል ኢዩ። ብወገንካ፡ ጊዜ ከይወሰደ ንህዝብና ካብዚ ስርዓት ዘናግፎ መንገዲ እንታይ ኣሎ ትብል።

**መልሲ፡-** ኩነታት ሃገርና ብኹሉ መዐቀኒታት ኣብ ዝኸፍኤ ደረጃዩ ዘሎ። እንድዒ እንበር፡ ዓቕሉ ዝጸበቦ ሓይሊ ካብ ውሽጢ ሃገር ይፍጠር ይኸውን በሃላይ ኢየ። ነዚ ስርዓት እዚ ሕጂ ንምብንቋስ ካልእ መንገዲ ጊዜ ዝበልዕ መሲሉ ክርኤዩ። እቲ ዝሓሸ መንገዲ ለውጢ እዚዩ ማለተይ ግን ኣይኮነን።

**ሕቶ፡-** ግደ እቲ ብወጻኢ ዝንቀሳቐስ ተቓውሞናኸ?

**መልሲ፡-** ደጋዊ ተቓውሞ ዓቢ ናይ ምልዕዓልን፡ ሓበረታን ናይ ሞራልን ግደ ኣለዎ። ግን ካብቲ ክህሉ ኣሎዎ ኢልና እንምነዮ ውሽጣዊ ተቓውሞ ነጺልካ ዝርኤ ኣይኮነን። ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ኣደዳ ናይ ሓሶት ፕሮፓጋንዳ ህግደፍ ክትገድፎ ኣይግባእን። እቲ ናይ ደገ ተቓውሞ ነቲ ህግደፍ ንህዝቢ ክኸስብ ዝገብሮ ዘሎ ናይ ፈላሊኻ ግዛእ ዘመተ ብግቡእ ዝጨበጦ ኣይመስለንን። ብግቡእ ምስ ዝጭብጦ ከኣ፡ ነቲ ዕርዲ ሓሶት ናይ ህግደፍ ከፍርሶ ምኸኣለ።

**ሕቶ፡-** እቲ ብሃይማኖትን ብእንዳን ኣውራጃን ምውዳብን ምንቅስቓስን ግን ሎሚ ኣብቲ ባይታና ዘሎዩ።

**መልሲ፡-** መንድዩሞ ምንጩ ? ኢሳያስ ሕጂ ኾይኑ ቀደም፡ ኣበይ ኣለዋ እተን ኣሰከፍቲ ክስታት እናበለ ንመወዳድርቱ ውድብ ይኹን ውልቀ-ሰብ ብሃይማኖትን፡ ብወገንን ብኽሕደት ሃገርን ምውንጃል ናተይ ኢሉ ሒዙዎዩ። ነዚ ሜላዚ ልዕሊ 30 ዓመታት ተጠቒሙሉ። ሎሚ እቲ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ተቓውሞ ነዚ ናይ ህግደፍ ፕሮፓጋንዳ ዝብድህ ሜላን መደብን ክህልዎ ነይሩዎ እብል። ማለት እቲ ህዝቢ ኣብ ተቓውሞ እምነት ከም ዘሕድር ክግበር ኣሎዎ። ነቲ ናይ ብሄርን ቦታን ካልእ ጸቢብ ፍልልያትን ስርዓት ህግደፍ ዘዕኮኾ ምኽኑ ዝያዳ ብሩህ ትገብሮ። <u>ቀጺልካ ከኣ ናይ ጽባሕ ኤርትራ ከምቲ ኢሳያስ ዝትንበዮ ብድሕሪኡ ፈራሪሳ እትወድቕ ሃገር ዘይኮነት፤ ብሓደ ተጠሚራ ብፍትሕን ብዲሞክራስን ኣብ ሰላምን ብልጽግናን ክትነብር ዘኽእላ እሙን ሃገር-ለኸ ዲሞክራሲያዊ ሓይሊ ከም ዘሎ ብሕጂ ክርኤ ኣሎዎ። ማለት ህዝብና ድልዱልን እሙንን መተካእታ ክፍጠር ኣሎዎ።</u>

**ሕቶ፡-** እዚ እተተምነኻዮ ጥሙር ሃገር-ለኸ ሓይሊ ካብ ኩሉ ውድባትን፡ ሕብረተሰብኣዊ ክፍልታትን ክመጽእ ይኽእል ማለትካ ምኻኑ ርዱእ ኢዩ። ከምኡ ክግበር ግን መጀመርያ ናይ ሰኒትን ምትእምማንን ባይታ ምፍጣር የድሊ። እቲ

ኩሉ ብውድባትናን መሪሕነታትናን እተገብረ ጌጋታት ይተንተን እሞ ንምትእምማን ባይታ ይፈጠር ዝብሉ ኣሎዉ፡፡ ነዚ ከመይ ትርእዮ፡፡

**መልሲ፡-** ብርግጽ ክጻረ ዘሎዎ ናይ ብረታዊ ቃልስና ጌጋታት ብዙሕ ክህሉ ይኽእል፡፡ ክንደይ እተገብረን ዘይተገብረን ተሓዋዊሱ እናተወርየ ሰብ ኣቓሲሉዩ፡፡ ኣሰራቱ ከኣ ቀጻሊ ኣሎ፡፡ እዚ ግን ሻራ ጀብሃ ወይ ሻራ ሻዕቢያ ብዘይብሎም ናይ መጽናዕቲ ሰባት ክጻረን ተመዝጊቡ ክድምደምን ይህልዎ፡፡ እቶም ነቲ ናይ 40ታት 50ታት ዘጽንዑዎ ዝነበሩን ፡ ቀጺሎም ከኣ ነቲ ብረታዊ ቃልሲ ዳርጋ ብምልኡ ዝፈልጥዎን ሰባት ብዘይ ሻራ ነቲ ሓቂ ክነግሩና ክበቕዑ ኣሎዎም፡፡

**ሕቶ፡-** ኣብቲ ዝቐደመ ናይ ታሪኽ ተረኽቦታትን ጌጋታትን ድሒርና ንምለሶ፡፡ ገለና ከም እንርእዮ፡ ካብቲ ኣብ ውድባትናን ሕብረተሰብናን ዘይምትእምማን ዘዕመቑ ድሕሪ 1991 እተገብረ ጌጋታት ኢዩ፡፡ ድሕሪ መሪር ናይ 50 ዓመታት ቃልሲ፡ "እንተደለኹም ከም ውልቀሰባት ተመለሱ፡ ሓሸውየ ውድባት ኣይነፍቅድን" ክትብል፡ ድሒርካውን ንተቓላሲ ውድባት ኣብ ረፈረንዱምን ኣብ ምድላው ህንጻ መንግስትን (ቅዋም) ከም ፖለቲካዊ ትካላት ክሳተፉ ዘይምፍቃድ ወዘተ ነቲ ዘይምትእምማን ዝያዳ ኣዕብዩዎ፡፡ ከምኡ ኣይመስለካን?

**መልሲ፡-** መጀመርያ እቲ ናይ 1987 ካልኣይ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር፡ ብዝሐ ሰልፍታት ዘፍቅድን ማዕርነት ዘዕቁብን ዲሞክራሲ ክትከል ኣዊጁ ነይሩ፡፡ ድሕሪ 1991 ግን እዚ ኹሉ ተጠሊሙ፡፡ ንኣብነት እቲ "ሓሸውየ ውድባት" ኣይነፍቅድን ዝብል ኣበሃህላ ነቲ ውሳኔታት 1987 ዝጻረር ኢዩ፡፡ ሓቂ ይሓይሽ ከኣ ብ1991 ሓርነት ምስ ተበጽሐ፡ ነቲ ናይ ካልኦት ሓይልታት ተሳታፍነት ዘቕልበሉ ውሒዱ ነይሩ፡፡ ጀብሃ ከም ሓይሊ ኣንይነበረትን፡፡ ፍርሒታት ካብ 5ይ መስርዕን "ጠለምትን" ዝብል ወፈራ ከኣ ኣብ ስምዒታት ህዝቢ ኣትዩ ነይሩ፡፡ ካብዚ ብምንቃል እውን እቲ ብዝሐ ሰልፍታት ዝብሃል ካብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባርዩ ክበቍል ዝብል ርእይቶታት ማዕቢሉ ነይሩ፡፡

**ሕቶ፡-** ስለዚ ኢሳያስ ጥራይ ኣይኮነን በይኑ በደለኛ፡ ኣባላት እቲ ውድብን ደገፍትን እውን ኣብቲ ጌጋታት እንብሎ ውዒሎምሉዮም?

**መልሲ፡-** ከምኡ ኢልካ ንኹሉ ክትውንጅል ኣይከኣልን፡ ከመይ እቲ ዲክታቶርነት ድሮ ተኣታትዩ ስለ ዝነበረ ድሕሪ 1991 ካልእ ርእይቶ እትሰምዓሉን እተሰምዓሉን ኣኼባታት ብፍጹም ኣይነበረን፡፡ እቲ ኣብ ሜዳ ከሎና ዝግበር ዝነበረ ክትዓት ኣስመራ ምስ ኣቶና ብምሉኡ ተሪፉ፡፡ ናይ ዜና ማዕከናት ዝብሃል ከኣ ኣይነበረን፡፡ ህዝቢ "ናጽነት ኣምጺእናልካ፡ ሕጂ ብሕም ዝበለ ጸላኢዩ" እንዳተባህለ ክገብሮን ክሓስቦን ዝኽእል ኣይነበሮን፡፡ እዚ ኩነታትዚ ነቲ ባይታ ብትዕቢትን ብድዐን ከም ዝዕብለኹ ገይሩዎ፡፡ እቲ ድሮ ኣብ ሜዳ ከሎና ጀሚሩ ዝነበረ ምልኪ ሓደ ሰብ ጥጡሕ ባይታ ረኺቡ፡፡ ስለዚ እቲ ኣባል ውድብ ኮነ እቲ ካልእ ህዝቢ ድሕሪ ሓርነት ሃገር ጥዑይ ርእይቶታት ከጥርን ክሰምዕን ዕድል ስኢኑ፡፡

**ሕቶ፡-** ኢሳያስ ኣፈወርቂ መዓስዩ ኣብ ውልቀ-መላኺ መራሒ እተቐየረ?

**መልሲ፡-** ኣውራ ካብ ሰማንያታት ጀሚርዎ፡፡ ድሕሪ ናጽነት ከኣ፡ ዝያዳ ነቲ ምልኪ ኣደልዲሉዎ፡፡ ንኣብነት ብ1994 ነቶም ኩሎም ዝፈርሖም መቓልስቱ ካብቲ ወሳኒ ኣካል (ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት) ገሊፉ ሰልስተ ሰባት ጥራይ ኣትሪፉ፡ (ማለት ንዓ ሊ ሰይድን ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድን ንመስፍን ሓጐስን)፡፡ ካልኦት ኩሎም ኣብ ማእከለያ ሽማግሌ ጥራይ ተወሲኖም ተሪፎም፡፡ እቲ ምኽኒት "ሓዲሽ ደም" ምትእትታው ዝብል ነይሩ፡፡ ብሓቂ ግን እቶም ኣብ ፖሊት-ቢሮ ብ1994 ዝኣተዉ ዳርጋ ኩሎም ኣብ ውድብ ሓደስቲ ወይ እውን እብቲ ውድብን ሕብረተሰብን ባይታ ዘይብሎም፡ ተማእዘዝቲ ኢሳያስ ጥራይ ክኾኑ እትጽበዮም ሰባት ኢዮም ነይሮም፡፡

ሕቶ፡- ብዓል መን ኢዮም?

መልሲ፡- ሽዑ ኣብ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ዝኣተዉ ብዓል ሓጐስ ክሻ፡ ኣስካሉ መንቀርዮስ፡ ሽንገብ፡ ዘምህረት ዮሓንስ፡ የማነ ገብረኣብ፡ ሓምድ ሕምድ ኢዮም፡፡ ወላ ድሩዕ ወላ ጴጥሮስ ኩሎም ካብ ዝለዓለ ስልጣን ተገሊፎም፡ ተራ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ውድብ ኮይኖም ተሪፎም፡፡

ሕቶ፡- ካልእ ክትጠቕሶ እትኽእል ምልክታት ናይቲ ዝዓቢ ዝነበረ ምልኪ ሓደ ሰብ እንታይ ኣሎ?

መልሲ፡- ብጣዕሚ ብዙሕ ኣሎ፡፡ ንኣብነት ድሕሪ ናይ 1994 3ይ ጉባኤ ግዝባዊ ግንባር፡ ኢሳያስ መን ኣብ መሪሕነት ይኣቱ መንከ ይግለፍ ዝውስን ንበይኑ ንሱ ኮይኑ፡፡ ሕሉፍ ሓሊፉዎ እኳ ኢሳያስ ነቲ መደልደሊ ስልጣኑ ዝነበረ ውሽጣዊ ሰልፊ (ኤርትራዊ ህዝባዊ ሰውራዊ ሰልፊ) ኣኼባ ከይጸውዐ፡ ኣባላቱ ዝነበሩ ከይሓተተን ከየማኸረን፡ ኣብቲ ናይ 3ይ ጉባኤ ውድብ ዝገበሮ መኽፈቲ ዘረብኡ "ውሽጣዊ ሰልፊ ነይሩና፡ ካብ ሎሚ ጀሚሩ ግን ፍሩስዩ" ኢሉ ብናይ ውልቁ ኣዋጅ ኣፍሪሱዎ፡፡ ኩሉ ሰብ ከምዝፈልጦ ነዚ ውሳኔዚ  ኢሳያስ ንበይኑዩ ወሲድዎ፡፡ ኢሳያስ ቦትኡ ምስ ኣደልደለ በብቑሩብ ነቲ ሰልፊ እናኣድከሞ መጺኡ፡፡ ኣብ 90ታት እቲ ሰልፊ ዳርጋ ዘይነበረዩ፡፡ ኮይኑ ግን ክፈርስ እንከሎ ብኣፍልጦን ድልየትን ኣባላቱ ክግበር ነይሩዎ፡፡ እዚ ንኢሳያስ ኣይገደሶን፡፡ እቲ ናይ ምፍራሱ ስጉምቲ ከኣ ኢሳያስ ክንደየናይ ውልቀ መላኺ ከም ዝኾነ ካብ ዘረጋግጹ ተግባራት ኢዩ ነይሩ፡፡

ሕቶ፡- ውልቀ-መላኺነት ኢሳያስ ካብ ሰብዓታት ጀሚሩ ነይሩዩ ኢልና እንግምቶ ክንደየናይ ሓቅነት ትርእየሉ?

መልሲ፡- ብቐደሙ ምንበሩ ድሒሩ ይርኣየካ፡፡ ድሕሪ 1987  እቲ ውልቀ-መላኺነት ዘውዲ ደፊኡ፡፡ ሽዓዩ ኢሳያስ ንብጾቱ ብቕሉዕ ክጸርፍን ክዋርድን ዝጀመረ፡፡

ሕቶ፡- ቅድሚኡኸ?

መልሲ፡- ነቲ ቅዲሚ 1ይ ጉባኤ ናይ 1977 ዝነበረ ኩነታት ገዲፍና ድሕሪኡ ንዘሎ ጊዜ ንርኤ፡፡ ኣብ 1ይ ጉባኤ እተገብረ ቕርጻ ንፖለቲካውን ወተሃደራውን ቤት ጽሕፈታት ዓቢ ስልጣን ዝህብ ነይሩ፡፡ ሃይለ ድሩዕ ሓላፊ ፓለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኮይኑ ንዜናን፡ ንወጻእን፡ ናይ ህዝቢ ምንቕቓሕን ወዘተ ስልጣን ሒዙ ነይሩ፡፡ ኢብራሂም ዓፋ ከኣ ኣብ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ኮይኑ ነቲ ኹሉ ናይ ሰራዊት ምንቅስቓሳትን፡ ታዕሊምን ስለያን ወዘተ ዘዋፍር ስልጣን ጨቢጡ ነይሩ፡፡

ኣብ ትሕቲ ዋና ጸሓፍን ምክትሉን ዝመሓደር ክፍሊ ቍጠባን ማሕበራዊ ጉዳያት ቤት ጽሕፈትን ነይሩ። ሓላፊ ማሕበራዊ ገጒዳያት ሰዒድ ባርህ ስለዝነበረ ጸገም ኣይነበሮምን፡፡ ክፍሊ ቍጠባ ኣገዳሲ እኳ እንተነበረ ብመስፍን ሓጐስ ስለዝመሓደር ንኢሰያስ ጸገም ይፈጥረሉ ነይሩ፡፡ ብሓጺሩ እዚ ሰለስተ ቤት ጽሕፈታት እዚዩ እቲ ዝሓየለ ዝነበረ፡፡ ስልጣን ዋና ጽሓፍን ምክትሉን ከኣ ብውሳኔ ጉባኤ ድሩት ምንባሩ ብሩህ ኢዩ፡፡ ኢሳያስ ነዚ ስርዒታዊ ቅርጻዚ ብ1979 ኣፍሪሱዎ፡፡ ንስልጣን ሃይለ ድሩዕን ፡ ኢብራሂም ዓፋን መስፍን ሓጐስን ደሪትዎ ፡ ዝያዳ ክድርቶ ከኣ ቃልሲ ቀጺሉ፡፡ ድሕሪ 1979 ፡ ሃይለ ድሩዕ ኣብ ክፍሊ ምንቕቓሕ ፡ ኢብራሂም ዓፋ ከኣ ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ጥራይ ተደሪቶም፤ ዝተረፈ ስልጣኖም ብግብሪ ኢሳያስ ጨቢጥዎ፡፡ መስፍን ሓጐስ እውን ኣብ ሰማንያታት ከምዝድስክል ተገይሩ፡፡ ከምዚ ኢሉዩ እቲ ዲክታተርነት ኣብ ውሽጢ 10 ዓመት ናይ 1ይን 2ይን ጉባኤታት (1977-1987) እናዓበየ ዝመጸ እንበር ቅድሚኡ ግኑን ኣይነበረን፡፡

ሕቶ፡- ቀጽለልና ድኣ፡፡ ቅድሚ 1977 ኩነታት ስልጣን ኢሳያስ ኣብ ውሽጢ ውድብ ብኸመይ ትመዝኖ?

*መልሲ፡-* *ቅድሚ 1977 ኣንፈት ምልኪ ነይሩ፤ ኣንጻሩ ሰለስተ-ኣርባዕተ ዝኾውን ምንቅስቓሳት ከኣ ነይሩ። እቲ "መንካዕ" ተባሂሉ ዝፍለጥ፤ እቲ ናይ ብዓል ጐይትኦም "ብጻይ" ጉጅለ፤ እቲ ናይ "የሚን" ተባሂሉ እተሃርመ ምንቅስቓሳት ኩሉ ኣንጻር ምልኪ ዝኾነ ምንቅስቓሳት ኢዩ ነይሩ በሃላይ ኢየ። እቲ ብ1975 ኣድሓኖም ገብረማርያምን ብርሃነ ኣፍሮን ኣብ ውሽጢ ቀዳመይቲ በጠሎኒ ናቶም ቤት ትምህርቲ ካድር መሰሪቶም ተባሂሎም እተኸሱሉውን ካብቲ ነጻ ምንቅስቓሳት ኢዩ ነይሩ። ካባኡ ንድሓር ግን ኣብ ውሽጢ ውድብ ህዝባዊ ግንበር ምልኪ እናዓኾኾ ስለ ዝመጸ፣ ክሳዕ 1993 ተቓውሞ ነይሩ ኢለ ዝዝክሮ የብለይን።*

*ሕቶ፡-* *ኣብ ውሽጢ ውድብ ክንደይ ቤት ትምህርቲ ካድራት ነይሩ? ንሸኻ ተኻፊልካዮዶ?*

*መልሲ፡-* *እተማእከለ ሓደ ቤት ትምህርቲ ካድር ነይሩ። ብ1974-75 ታዕሊም ኣብ ብሌቓት ምስ ወሰድኩ፣ ናይ ክፍሊ ሕክምና ካድር ኰይነ ኣገልጊለ፤ ብ1976 ከኣ ኣብቲ 3ይ ዙርያ ካድር ምስ 180 ተመሪቐ። ኣብ ዓመት ሰለስት ጊዜ ካድራት ዝምልምል ኮርሳት ነይሩ። እዚ 20 ዓመት ዝቐጸለ ምሕጻብ ኣእምሮ ዝኾነ ትምህርቲ ካድር ካብ 10,000 ዘይውሑዱ ሰባት "ጸሪቡ" ከዋድር ኣመሪቑ። ኣነ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድር ዝነበርኩሉ ዘመን ጽልኢ ኣብ ርእሲ እተማህረ ኣካል ክብ ዝበለ ነይሩ። እዚ ኣዕናዊ ርእይቶዚ ቀጻሊዩ ነይሩ።*

*ሕቶ፡-* *ምንቅስቓስ "የሚን" ምዓስዩ ነይሩ? ብዓል ሰሎሞን ወልደማርያም ድዮም?*

*መልሲ፡-* *እወ ብዓል ስዉእ ሰሎሞን፣ ኪዳነ ኣበይቶ፣ ዶክቶር ኢዮብ፣ መሓሪ ግርማጼን፣ ሃይለ ጀብሃ፣ ካልኦትውን። ናይ "የሚን" ምንቅስቓስ ኢልካ ሰባት ምቕንጻል ብ1976-77 ኢዩ ተኻይዱ።*

*ሕቶ፡-* *ነዚ ምንቅስቓሳትዚ ኣብ ሜዳ ብምንባርካ ካብ መንካዕ ጀሚርካ ርኢኻዮ ኢካ?*

*መልሲ፡-* *ኣነ ብ1974 ተሰሊፈ፤ ማለት ድሕሪ ህዝባዊ ኣኼባታት ወኪዛግር። እቲ ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ ኣብ ኣጋ ምውድኡ ጸኒሑኒ። ንብዓል ሙሴ ተስፋሚካኤል ቅድም ሕሉፍ ጸጋም ኢሎም ክኸሱዎም ጸኒሖም፣ ድሓር እቲ ተጋዳላይ "ሕሉፍ ጸጋም ምኺን እሞ ስለምንታይ ገበን ዝቑጸር፣ ዘይ ዝያድ ሰውራውነት ዝወሰኹ" ኢሉ ከጕረምርም ይዝከረኒ። ሽዓ ኢዮም ብዓል ኢሳያስ ተቐላጢፎም፣ "ጸጋማውያን ኣይኮኑን፤ እዚ ኣዕናዊ ምንቅስቓስ ናይ ኣውራጃውያን ኢዩ" ኢሎም እናጠቀኑን ናይ ህዝብና ስምዒታት እናመዝመዙን እተጠቐሙሉ። እቶም እተቐትሉ ብዓል ዮሓንስ ስብሃቱ ብዓል ኣፈወርቂ ተኽሉ ካበየናይ ኣውራጃ ድዮም? ዝብል ሰብ ግን ኣይነበረን። ናይ ብዓል ጐይትኦም በርሀ (ብጻይ) ምንቅስቓስውን መጻሕፍቲ ጽሒፎም ተባሊሎምዮ ተቐቲሎም። ናይ "የሚን" ዝብሃልውን እልዕል ኣቢልካ በቲ ሽምቲ እተጠመቐ ምንቅስቓስዩ።*

*ሕቶ፡-* *ስለምንታይ "የሚን" ትብልዎም? ክንደይ ኣስላምከ ነይሮምዎም?*

*መልሲ፡-* *ኣብቲ "የሚን" ኢልና እንጽውዖ ምንቅስቓስ ይኹን ኣብቲ ካልእ፣ ዳርጋ ኩሎም ክርስትያን ኢዮም ነይሮም።*

*ሕቶ፡-* *እቲ ምልዕዓላትን ዘሕለፎ መልእኽታትን ናይቲ ብ1971 እተጻሕፈ "ንሕናን ዕላማናን" ግን መድረኹ ሓሊፉ ጸኒሑካ ይኸውን?*

*መልሲ፡-* *ክገርመካ ነቲ ጽሑፍ እቲ ሽዑ ይኹን ድሕሪኡ ኣይረኸብኩዎን። ወላውን ክሳዕ ሎሚ ኣየንበብኩዎን። ንሸኻ ብዛዕብኡ ብዙሕ ከምዘቃላሕካን ጕድኣቱ ብዙሕ ነይሩ ኢልካ ከምዝገለጽካን ኣንቢበዮ። ኣነ ወላ ብቐጥታ ነቲ "ንሕናን ዕላማናን"*

*ዝብል ጽሑፍ እንተዘየንበብኩዎ፣ ኣብቲ ቀጺሉ ዝወጽእ ዝነበረ ጽሑፋት ህዝባዊ ሓይልታት ይደጋገም ስለ ዝነበረ ዳርጋ ከም ዘንበብኩዎ ገይረ ኢየ ዝሓስብ፡፡*

*ከምቲ ቅድም ጀሚርናዮ ዝነበርና በዚ ጉዳይት እዚ ብዙሕ ኢና ክንዛረብ እንኽእል፡፡ ጉድኣት ኣይነበሮን ዝበሃል ኣይኮነን፡፡ ግን ከምቲ ዝነበረ ኩነታትን ጊዜን ክምዘን ኣሎዎ፡፡ ንኣብነት መስፍን ሓጐስ ቅዲሚ ክልተ ዓመት ኣቢሉ ኣብዚ ኣውስራልያ መጺኡ ኣኼባ ከካይድ እንከሎ ብዛዕባዚ ጉዳይ ተሓቲቱ ነይሩ፡፡ ክምልሽ እንከሎ ከኣ ከምዚ ዝብል ገለጻ ኣቕሪቡ፡- "ኣነን እቶም ብ1971 ምሳይ ኣብ ሜዳ ዝነበሩን ደቂ ክንደይ ዓመት ኔርና? ቅድሚ 30 ዓመት ዝጸሓፍናዮ ሎሚ ክንሕተተሉ ጸገምዶ ኣይኮነን? ቔልዑ ኰንና በቲ ሽዑ ዘጋጠመና ኣሸጋሪ ኲነታት ዝጸሓፍናዮ ዝኾነ ጽሑፍ፣ ብናይ ሽዑ ኲነታት ክርኤ ኣሎዎ፡፡ ብሎሚ ሚዛናት ጥራይ ክንገልጾን ክንፈርዶን ግን ግቡእ ኣይመስለን፡፡"*

*ከምቲ ድሮ ዝበልኩኻ ግን እቲ ታሪኽን እተገብረ ጌጋታትን ማዕረ ማዕረ ክርኤ ኣሎዎ፡፡ ሓቅድዩ ክርስትያን ብምዃኖም ክሳዕ 250 ሰባት ተቐቲሎም? ክሳዕ 400 ዝኾኑ ከኣ ካብ ሜዳ ተሰጒጎም? ናይ ስርየት ኣዲስ ታሪኽከ ፈጠራ ድዩ? ኢትዮጵያ ሰብ ንስሊያ ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ኣሰሊፋዶ? ጉዳይ ብዓል ኪዳነ ክፍሉኸ ከመይ ነይሩ? ፋሉል ተባሂሉኸ ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ብዙሕ ሰብ ተቐቲሉ ድዩ? ወዘተ ክጻረ ዝግብኦ ብዙሕ ዘሎ ይመስለኒ፡፡ ግን ሻራ ጀብሃ ወይ ሻዕብያ ዘይኮነ ታሪኽ ክንገር ኣዝዩ ጠቓሚ ምዃኑ ይርድኣኒ፡፡*

*ሕቶ፡- ምዓስ ተወሊድካ ተኸስተ? ኣበይከ?*

*መልሲ፡- ኣነ ብ1958 ኣብ ኮርባርያ፣ ዓዲ ራእሲ ተወሊደ፡፡*

*ብዙሕ የቐንየለይ፣*
*ወ. ዓማር፡፡*